## 2. መድሃኒታትካ ተጠቐም - ከመይ ከምዝገብሩኻን መዓስ ከምእትጥቀመሎምን ፍለጥ

| መድሃኒታት ናይ ኣዝማ ንዓመታት ኣብ ጠቕሚ ዝወዓሉ ኰይኖም፡ ውሑሳትን ውጽኢታውያንን ምዃኖም ተረጋጊጹ`ዩ። ክልተ ዓይነት ብመልክዕ ትንፋስ ዝውሰዱ መድሃኒታት ኣለዉ፡- “ተቼጻጸርቲ” ከምኡ`ውን “ኣዐገስቲ”። | |
|---|---|
| **ተቼጻጸርቲ** | • ተቼጻጸርቲ መድሃኒታት ኮርቲኮስተሮይዳዊ ትሕዝቶ ዘለዎም ኰይኖም፡ ኣብ ሻምብቆ ኣየር ንዝፍጠር ነድርን ልፋጭን ኣብ ምንካይ ይሕግዙ፤ ደረጃ ተኣፋፍነት ከምዝንኪ ድማ ይገብሩ።<br>• ንኣዝማኻ ብዝግባእ ንምቍጽጻራ፡ ዋላ እውን ምልክታት ኣብ ዘይረኣዩኻ እዋን፡ መዓልታዊ ውሰዶ |
| **ኣዐገስቲ** | • ኣዐገስቲ መድሃኒታት፡ ጭዋዳታት ሻምብቆ ኣየር ንግዚኡ ከምዝዛነዩ ብምግባር፡ ከም ምስዓል፡ ሕጊግ ዝብል ትንፋስ፡ ሕጽረት ትንፋስ ወይ ከም ምጭባጥ ጭዋዳታት ኣፍ-ልቢ ዝኣመሰሉ ምልክታት ከምዝንክዩ ይገብሩ።<br>• ኣዝላዩ ኣብ ዝኾነሉ እዋን ተጠቐመሉ |
| **ኣገደስቲ መዘኻኸሪታት** | • መድሃኒታትካ ጥርሑም ኣብ ዝኾኑሉን ግዜ ተጠቃምነቶም ኣብ ዝሓለፈሉን እዋን ኣይትዘንግዕ<br>• ቫልቮላታት ወሳኺ-ሓይሊ ምስዝጠፍኡ ወይ ምስዝስበሩ ቀይሮ<br>• ንሕክምና ኣዝማ ናብ ዝምልከት ቌጸራ ኣብ እትቐርበሉ እዋን **ንኹላቶም** ናይ ኣዝማ መድሃኒታትካ ሒዝካ ቅረብ |

<table>
<tr><th colspan="2">ተቼጻጻሪ</th><th colspan="2">ኣዐጋሲ</th></tr>
<tr><td colspan="2"></td><td colspan="2"></td></tr>
<tr><td colspan="2">ሻምብቆታት ኣየር</td><td colspan="2">ሻምብቆታት ኣየር</td></tr>
<tr><td>ንቡር</td><td>ነድሪን ልፋጭን ዘለዎ</td><td>ንቡር</td><td>“እተጨበጠ”</td></tr>
</table>

## 3. ንኣገባብ ኣጠቓቕማ ናይ ወሃቢ ትንፋስ መድሃኒትካ ፈትሾ

✓ መድሃኒት ብዝግባእ ናብ ሳናቡእካ ምእንቲ ክበጽሕ፡ ግቡእ ሜላ ምጥቃም ኣገዳሲ እዩ
✓ ኣብ ነፍሲወከፍ ናይ ሕማም ኣዝማ ቌጸራኻ ንሜላ ኣጠቓቕማኻ ፈትሾ
✓ ግብራዊ መርኣያ ንምዕዛብ ኣብ`ዚ ነቐጣ መርበብ ሓበሬታ ክፈት፡- https://ucalgary.ca/icancontrolasthma/devices